ኣገዳስነት ስነ-ስርዓት ህጻናትን ምኽባር ወለድኻን

ንቈልዓ በቲ ዚኸዶ መገዲ ኣሰልጥኖ፡ ምስ ኣረገ ድማ ካብኡ ኣይኪርሕቕን እዩ። ምሳሌ 22፡ 6

ንወለዲ

እንሆ ውሉድ ውርሻ እግዚኣብሄር እዮም፡ ፍረ ማህጸን ከኣ ዓስቡ እዩ።
መዝሙር ዳዊት 127፡ 3

እቲ በትሩ ዝሓድግ ንወዱ ይጸልኦ፡ እቲ ዘፍቅሮ ግና ሓንሳብ ይቐጽዖ።
ምሳሌ 13፡ 24

ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር ድልዱል ምትእምማን ኣሎ፡ ደቁ ድማ መዕቆቢ ቦታ ክህልዎም እዩ። ምሳሌ 14፡ 26

ንወድኻ ተስፋ እናሃለወ ቀጽዖ፡ ነፍስኻ ድማ ብኽያቱ ኣይትሕለፎ።
ምሳሌ 19፡ 18

ዕሽነት ኣብ ልቢ ቆልዓ ተኣሲሩ፤ በትሪ መእረምታ ግና ካብኡ ኣርሕቖ።
ምሳሌ 22፡ 15

ነቲ ሕጻን ብበትሪ እንተ ወቒዕካዮ ኣይመውትን እዩ እሞ፡ ምእራምኣ ይትኽልከሎ። በትሪ ክትወቕዖ፡ ንነፍሱ ድማ ካብ ሲኦል ከተናግፋ ኢኻ። ምሳሌ 23፡ 13-14

በትሪን መግናሕትን ጥበብ ይህብ፡ ንርእሱ ዝተገደፈ ሕጻን ግና ንኣዲኡ የሕፍር። ምሳሌ 29፡ 15

ንወድኻ ኣርም፡ ንሱ ድማ ዕረፍቲ ይህበካ። እወ፡ ንነፍስኻ ባህ ኬብል እዩ።
ምሳሌ 29፡ 17

ኵሎም ደቅኻ ድማ ካብ እግዚኣብሄር ኪምሃሩ እዮም። ሰላም ደቅኻ ዓብዪ ኪኸውን እዩ። ኢሳይያስ 54፡ 13

እቲ ንወዱ ዘፍቅር፡ ኣብ መወዳእታ ብእኡ ምእንቲ ኺሕጐስ፡ ብዙሕ ግዜ
በትሪ ይስምዖ እዩ። እቲ ንወዱ ዚቐጽዖ ብእኡ ይሕጐስ፡ ኣብ መንጎ እቶ
ምዝፈልጦም ድማ ይሕጐስ። ንወዱ ዚምህር ንጸላኢ የጒህዮ፡ ኣብ ቅድሚ
ፈተውቱ ድማ ብእኡ ይሕጐስ። ኣቦኡ እኳ እንተ ሞተ፡ ንርእሱ ዚመስል ሓ
ዲጉ እዩ እሞ፡ ከም ዘይሞተ እዩ ዚመስል። ብህይወት ከሎ ርእዩ ብእኡ ተ
ሓጐሰ፡ ምስ ሞተ ድማ ኣይሓዘነን። ኣብ ልዕሊ ጸላእቱ ሕነ ዝፈዲ፡ ንኣ
ዕሩኽቱ ድማ ሕያውነት ዝፈዲ ገዲፉሎም። እቲ ንወዱ ዝበዝሖ ንቑስሉ ይኣ
ስሮ። መዓንጣኡ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣውያት ክጭነቕ እዩ። ዘይተሰብረ
ፈረስ ርእሱ ይጸንዕ፡ ንርእሱ እተገደፈ ቈልዓ ድማ ብፍላጥ ኪኸውን እዩ
። ንውሉድካ ኣዘምቶ፡ ንሱ ድማ ከፍርሓካ፡ ተጻወተሉ፡ ንሱ ድማ ከብደካ
እዩ። ምስኡ ከይትሓዝን፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ኣስናንካ ከይትሓርቕ፡ ም
ስኡ ኣይትስሓቕ። ኣብ ግዜ ንእስነቱ ሓርነት ኣይትሃቦ፡ ኣብ ዕሽነቱ
ድማ ኣይትጠምቱ። ብንእስነቱ ክሳዱ ሰገደሉ፡ ቆልዓ ከሎ ድማ ብጐድኑ ው
ቕዓዮ፡ ምእንቲ ከይተረርር፡ ንዓኻ ከይእዘዝ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ልብኻ ሓዘ
ን ከየምጽኣልካ። ንወድኻ ቅጽዖ፡ ዕዮኡውን ሓዝዎ፡ እቲ ርኹስ ተግባሩ
ንኸይበደልካ። ሲራክ 30፡ 1-13

ንህጸናት

ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እትህበካ ምድሪ መዓልትኻ ነዊሕ ኪኸውን፡ ንኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር። ዘጸ 20፡ 12

ወደይ ንመቕጻዕቲ እግዚኣብሄር ኣይትንዓቕ፤ ምእራሙውን ኣይትደኽሙ፡ እግዚኣብሄር ዘፍቅሮ ይእርሞ። ከምኣቦ እቲ ዝሕጐሰሉ ወዲ። ምሳሌ 3፡ 11-12

ምስላታት ሰሎሞን። ለባም ወዲ ንኣቦ የሐጕሶ፡ ዓሻ ወዲ ግና ኸቢድ ኣዲኡ እዩ። ምሳሌ 10፡ 1

ነቲ ዝወለደካ ኣቦኻ ስምዓዮ፡ ኣዴኻ ምስ ኣረገት ኣይትንዓቓ። ምሳሌ 23፡ 22

ደቀይ፡ እዚ ቅኑዕ እዩ እሞ፡ ንወለድኹም ብጐይታ ተኣዘዝዎም። ንኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፤ ንሳ ድማ እታ ቀዳመይቲ ትእዛዝ ምስ ተስፋ እያ፤ ጽቡቕ ምእንቲ ኪኾነልካ፡ ኣብ ምድሪውን ነዊሕ ክትነብር። ኤፌሶን 6፡ 1-3

ንኣቦኻ ብምሉእ ልብኻ ኣኽብሮ፡ ሓዘን ኣዴኻውን ኣይትረስዕ። ካባታቶም ከምዝተወለድካ ዘክር፤ ከመይ ጌርካ ድማ ነቲ ዝገበሩልካ ነገር ክትፈድዮም ትኽእል፧ ሲራክ 7፡ 27-28

ኣቱምደቀይ፡ ኣቦኹምስምዑኒ፡ ብድሕሪኡ ድማግበርዎ፡ ምእንቲ ክትድሕ
ኑ። እግዚኣብሄር ንኣቦ ኣብ ልዕሊ ውሉድ ኣኽቢርዎ እዩ፣ ስልጣን ኣደ ኣብ
ልዕሊ ደቂ ኣጽኒዑ እዩ። ንኣቡኡ ዘኽብር ንሓጢኣቱ ይዕረቕ፡ እቲ ንኣዲኡ
ዘኽብር ድማ ከምመዝገብ ዝእክብ እዩ። ንኣቦኡ ዘኽብር ብደቁ ይሕጐስ። ጸ
ሎቱ ምስ ገበረ ድማ ይስማዕ እዩ። እቲ ንኣቦኡ ዘኽብር ነዊሕ ዕድመ ይረክብ
። እቲ ንእግዚኣብሄር ዚእዘዝ ድማ ንኣዲኡ መጸናንዒ ኪኸውን እዩ። እቲ ን
እግዚኣብሄር ዚፈርህ ንኣቦኡ ኬኽብሮ እዩ፣ ንወለዱውን ከምጐይቶቱ ኬ
ገልግል እዩ። ካባታቶምበረኸት ምእንቲ ኺመጸካ፡ ንኣቦኻን ንኣዴኻን ብ
ቓልን ብግብርን ኣኽብሮ። በረኸት ኣቦ ንቤት ውሉድ የጽንዕ እዩ እሞ። መር
ገምኣደ ግና መሰረታት ካብ ሱሩ ይምንጥሎ። ብውርደት ኣቦኻ ኣይትኽበር።
ውርደት ኣቦኻ ንዓኻ ክብሪ ኣይኰነን። ክብሪ ሰብ ካብ ክብሪ ኣቦኡ እዩ እሞ
፤ ኣብ ውርደት ዘለዋ ኣደ ድማ ንውሉዳት ጸርፊ እያ። ወደይ ንኣቦኻ ኣብ ዕድ
ሚኡ ሓግዞ፡ ብህይወት ክሳብ ዘሎ ድማ ኣይትሕዘኖ። ምስትውዓልኡ እንተ ጠ
ፊኡ ድማ ትዕገስሉ፤ ብሙሉእ ሓይልኻ ምስ ኮንካ ድማ ኣይትንዓቖ። ረድኤት
ኣቦኻ ኣይኪርሳዕን እዩ እሞ፡ ኣብ ክንዲ ሓጢኣት ኪሃንጸካ እዩ ዚውሰኽ።
ብመዓልቲ ጸበባኻ ክዝከር እዩ። ሓጢኣትካውን ከምቲ በረድ ኣብ ጽቡቕ ውዑ
ይ ኩነታት ኣየር ክፈስስ እዩ። እቲ ንኣቦኡ ዝሐድግ ከምጸራፊ እዩ፤ እቲ ን
ኣዲኡ ዘቘጥዐ ድማ ርጉም እዩ፡ ካብ ኣምላኽ። ሲራክ 3፡ 1-16

ደቅና እንተድኣ ኣግሳጽናዮም ሕጂ ክበኽዩ እዮም ግን ኣብ መጻኢ ክሕጎሱ እዮም። ደቅና እንተዘይኣግሲጽናዮም ሕጂ ክሕጎሱ እዮም ኣብ መጻኢ ግን ክበኽዩ እዮም።

ህጻናት መጻኢ ሃገርና እዮም። ብዘይ ስነ-ስርዓት እንተኣሪጎምግን መጻኢ ሃገርና እንታይ ይኸውን?

ኩሉ እቲ ሕማቕ ልምድታት ሓደ ዓቢ ሰብ፡ እቲ ቆልዓ ጥራይ ከሎ ዘይተኣረመ ወይ ዘይተግሳጸ እዩ ። ንኣምላኽ ዝፈርሁን ዘፍቅሩን ዝእዘዙን ቆልዑ ከነዕቢ ኣለና ።

ቁራጽ ህያው ጭቃ ወሲደ ።
ቀስ ኢሉ ድማ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ኣቖመ።
ዓመታት ምስ ሓለፈ ከም ብሓድሽ መጺአ ።
ዝጠመትክዎ ሰብ እዩ ነይሩ ።
ንሱ ጌና እቲ ናይ መጀመርታ ጦብላሕታ ተኸዲኑ ።
ድሕሪ ሕጂ ድማ ፈጺመ ክቕይሮ ኣይክእልን እየ ።